Krokoms kommun
KROKOMEN TJÏELTE



ምምሕዳር ቆልዓን- ትምህርትን

# ሕግታት ንኮሙናላዊ ቅድሚ ትምህርቲ፡ ናይ ነጻ ግዜ ክበብ፡ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ክፍልን ካልእ ስነ ምምህርናዊ ንጥፈትን

*ንዓቕሚ ምዕባሌ ቦታ ንህብ*

## ባዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ናበይ እየ ዝውከስ፧

| | |
|---|---|
| ህዝባዊ ቅድሚ ትምህርቲ | ናይ ዞባ መቀላጠፊ ወይ ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን |
| መመልከቲ ብዛዕባ ምምዳብ | ናይ ዞባ መቃላጠፊ |
| ሕቶታት ብዛዕባ ፋቱራታት/ኣዎትይሮ/ኤ-ፋክቱራታት | እቲ ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን |
| መድሕናት | ናይ ዞባ መቃላጠፊ |
| ናይ እቶት ሓበሬታታት | ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን |
| ልምምድ | ቅድሚ ትምህርቲ/ናይ ነጻ ግዜ ከበብ/ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ክፍሊ/ስነ ምምህርናዊ ከንከን (ናይ ቀትሪ ኣላይ ቆልዓ) |
| ሻራ ዘይብሉ ቅድሚ ትምህርቲ | ከከም ንጥፈቱ |
| ምምዳባት | ናይ ዞባ መቃላጠፊ |
| ናይ ቦታ ምስራዝ | ናይ ዞባ መቃላጠፊ ወይ ቅድሚ ትምህርቲ/ ናይ ናጻ ግዜ ከበብ |
| ንድፊ/ስኬማ | ናይ ዞባ መቃላጠፊ። ነቲ ንድፊ/ስኬማ ምግዳፍ ብቐንዱ ብመንገዲ ናይ'ቲ ኮሙን ኤ/ኣገልግሎት ኣብ www.krokom.se/utbildningochbarnomsorg እዩ ዝግበር። |

## ናብ'ዞም ዝስዕቡ ናይ ዞባ መቃላጠፍቲ ተመርኮስ፧

**ቤት ትምህርቲ ፎሊንገ ናይ ናጻ ግዜ ከበብን**
ሎንግጋታን 16፡ 830 60 ፎሊንገ
ቁ.ስ. 0640 – 169 30
(ዞባ ፎሊንገ፡ ኣስፖስ)

**ቤት ትምህርቲ ኦንገ ናይ ናጻ ግዜ ከበብን**
ቤት ትምህርቲ ኦንገ፡ ስኩልቨገን 3፡
830 51 ኦፈርዳል
ቁ.ስ. 0640 – 167 40

**ቤት ትምህርቲ ኦስን ናይ ናጻ ግዜ ከበብን**
ኦሳቨገን 9፡ 836 94 ኦሳ
ቁ.ስ. 0640 – 172 00 (ኦስ)
ቁ.ስ. 0640 167 20 (ሶንግሁስቫለን)

**ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን**
ናይ ክሮኮም ኮሙን
835 80 ክሮኮም
ቁ.ስ. 0640 – 163 25
barn-utbildning@krokom.se

**ቤት ትምህርቲ ክሮኮምን ናይ ናጻ ግዜ ከበብን** ናይ
ኒሀድን ቤት ትምህርቲ፡ 835 80 ክሮኮም ቁ.ስ.
0640 – 162 01

**ቤት ትምህርቲ ድቨርሰትን ናይ ናጻ ግዜ ከበብን** ቤት
ትምህርቲ ድቨርሰት፡ 835 80 ክሮኮም ቁ.ስ።
0640 – 167 20
(ድቨርሰትስ፣ ሮድኦን፡ ትሮንግስቪከን)

**ቅድሚ ትምህርትታት ኣብ ክሮኮም ኮሙን** ናይ
ኒሀደን ቤት ትምህርቲ፡ 835 80 ክሮኮም ቁ.ስ.
0640 – 172 01፡ 172 01፡ 162 02፡167 70፡
169 36

### መሰል ናይ ቦታ ኣብ ቅድሚ ትምህርቲ፡ ናይ ናጻ ግዜ ከበብን ናይ ስነ-ምምህርናዊ ክንክንን።

ቆልዓ ናይ ቦታ መሰል ኣለዎ፡

- ስድርኡ ብረብሓ ዝሰርሑ ወይ ዝመሃሩ፡ ወይ ብዝተረፈ እንድሕር እቲ ቆልዓ ብምኽንያት ናይ ስደራ ቤት ኩነታት ናይ ገዛእ ርእሱ ኣድላይነት ኣለዎ።  ካብ እቲ ቆልዓ ኣብ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ክፍሊ ወይ መባእታዊ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ካብ ወርሒ ነሓሰ እዩ ኣብ'ቲ ናይ ናጻ ግዜ ከበብ ቦታ ነቲ ተመሃራይ ዝውፈየሉ።

- ስድርኡ ደለይቲ ስራሕ ወይ ንኣሕዋት ንምክንኻን ናይ ወለዲ ካብ ስራሕ ነጻ ዝኾኑ። ኣብ'ዞም ኣጋጣሚታት እዚኣቶም እቲ ቆልዓ ኣብ ሰሙን 15 ሰዓታት መሰል ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ንጥፈት ኣለዎ። እቲ ናይ ግዜ ምስ'ራት በቲ ንጥፈት እዩ ዝውሰን። እንድሕር ሓደ ወላዲ ቆልዓ ንምክንኻን ካብ ስራሕ ናጻ ወይ ስራሕ ኣልቦ ኾይኑ እቲ ናይ ናጻ ግዜ ከበብ ቦታ ከዛዘም ኣለዎ።

- ሓታቲ ዑቕባ ዝኾነ

- ኣብ ምዕባሌኡ ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮ

- ካብ ወርሒ ነሓሰ እቲ ቆልዓ ሰለስተ ዓመት ዝመልኣሉ ጀሚሩ ናይ ካብ ክፍሊት ናጻ ኣብ ናይ መንግስታዊ ቅድሚ ትምህርቲ መሰል ኣለዎ።

ምእንቲ ኣብ ቅድሚ ትምህርትን- ናይ ናጻ ግዜ ከበብን ንጥፈት እቲ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ መሰል ናይ ቦታ ንኽህልዎ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ወይ ናይ ናጻ ግዜ ከበብ ዘይተኣልየ ናይ ቀደም ዕዳ ክህልዎ የብሉን። እቲ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሕጊ  ዝተመርኮሰ ብዛዕባ ቆልዓ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣድላይነት ቅድመ-ኹነት ካብ'ዚ ሕጊ እዚ ወጻኢ እዩ።

### ኣብ ቅድሚ ትምህርትን ኣብ ናይ ስነ-ምምህርናዊ ክንክን ብዛዕባ ቦታ ምምልካት
ኩሎም ናይ ክንክን ኣድላይነት ዘለዎም 1-5 ዝዕድመኦም ቆልዑት፡ ሰለስተ ወርሒ ድሕሪ እቲ መመልከቲ ምእታዉ ኣብ ገለ ናይ'ቲ ኮሙን ቅድሚ ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ስነ-ምምህርናዊ ክንክን ቦታ ይውፈየሎም። ኣብ'ቲ መመልከቲ ብዛዕባ ቅድሚ ትምህርቲ እንተ በዝሐ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ምንዮታት ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ነቲ መመልከቲኻ እንተቐልጠፈ ሽዱሽተ ወርሒ ቅድሚ እቲ ዝተመነኻዮ ናይ ምምዳብ ዕለት ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ።

### ብዛዕባ ናይ ቦታ መመልከቲ ኣብ ናይ ናጻ ግዜ ከበብ
ቆልዑት 6-12 ዝዕድመኦም ብቐዳምነት ኣብ ናይ ናጻ ግዜ ቦታ ክውፍየሎም ኣለዎ። ኣድላይነት ኪጋጥም እንከሎ ኣብ'ቲ ናይ ነጻ ግዜ ከበብ ቦታ ናይ ክንክን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክተወሃብ ኣለካ።

### መስርዕን- ናይ ምደባ ሕግታትን
እንድሕር ኣብ'ቲ ዘመልከትካዮ ቀዳማይ ምርጫኻ ሓደ ዘይሰማማዕ ቦታ ተወፍዩልካ፡  ነቲ ውፈያ ትቕበሎ ወይ ኣይፈል ትብሎ ብዘየገድስ ኣብ'ቲ መስርዕ ንኽትጸንሕ ምረጽ። ሽዑ ገና ንቀዳማይ ምርጫ ተሰሪዕካ ኣለኻን ሓደ ዓይነት ናይ መመልከቲ ዕለት ሒዝካ ትተርፍን።

እንድሕር እቲ ቀዳማይ ኢድ ምርጫኻ ተወፍዩልካ፡ ግን ኣይፋል ኢልካ፡ ካብ'ቲ መስርዕ ትለግስ። ሓድሽ ቦታ እንድሕር ተመኒኻ ሓድሽ መመልከቲ ክትገድፍ ኣለካ።

እንድሕር ኣብ'ቲ ኮሙን ዳግመ ምምዳብ ተመኒኻ ናብ'ቲ ናይ ዘባ መቀላጠፊ ሓድሽ መመልከቲ ክትልእኽ ኣለካ።

## ምቹል ቦታ

ብሓደ ዘይቅመጡ ግን ናይ ቆልዓ ምዕባይ ናይ ሓባር ሓላፍነት ዘለዎም ወለዲ፡ ብዛዕባ ኣድላይነት ናይ ቆልዓ ኣለያ ቅድም ቀዳድም ሓቢሮም ክሳማምዑ ኣለዎም። እንድሕር ክልቲኦም ወለዲ ናይ'ቲ ቆልዓ ቦታ ተጠቒሞም ወነንቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ነናይ ሓዳርኩም ናይ ኣብ ክፍሊት መሰረት ዝተመርኮሰ ነናትኩም ፋክቱራ ኢኹም ትወሃቡ። ናብ ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን ዝለኣኽ ሓደ ፍሉይ ፎርም ብምምላእ ኢኹም ነቲ ናይ ምቹል ቦታ ተመልከቱ።

ሓደ ቆልዓ ኣብ ናይ'ቲ ኮሙን ይኹን ወይ ኣብ ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ኮሙናት፡ናይ ክልተ ቅድሚ ትምህርትታት መሰል የብሉን።

## ልምምድ

ንስኻ ከም ወላዲ ነቲ ምምዳብ ምስ ተቐበልካዮ ናይ'ቲ ቦታ ሓደ ቀጥታዊ ኣድላይነት ከምዘሎ እዩ ኢዩ ትጽቢትና፡ እዚ ከኣ እቲ ቆልዓ ኣብ'ቲ ዝተወሰነ ናይ ምምዳብ ዕለት እቲ ምልምማዱ ክጅምር ኣለዎ ማለት እዩ። ካብ'ቲ መጀመርያ ናይ'ቲ ቆልዓ ናይ ምልምማድ መዓልቲ ኢኻ ክፍሊት ትኸፍል። ናይ ብኩራት ምጉዳል ኣይግበርን እዩ።

ኣብ ቅድሚ ትምህርቲ፡ ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ወይ ስነ-ምምህርናዊ ኣለያ ምጅማር ነቲ ቆልዓ ሓደ ለውጢ ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኣብ'ቲ መጀመርያ ግዜ ካብ ስድራ ገለ ሰብ ምስ'ቲ ቆልዓ ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ናይ ልምምድ ግዜ እቲ ቆልዓ ምስ ስድርኡ ኾይኑ ነቶም ሰራሕተኛታትን ነቲ ንጥፈትን ንምልላይ እዩ። ናይ ሓደ ክልተ ሰሙን ናይ ልልምድ ግዜ ኣብ ጸብጻብ ከተእትው ኣለካ።

## ክፉት ሰዓታት

ካብ'ቲ ናይ'ቶም ወለዲ ናይ ስራሕ ሰዓታታን ናይ ኣለያ ኣድላይነትን ተበጊሱ እቲ ኮሙን እንተ በዝሓ 12 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ ሰኑይ - ዓርቢ ንጥፈት ከወፍይ ይኽእል እዩ። ስሩዕ ክፉት ሰዓታት ሰ.06፡00ቅ.ቀ. - ሰ.6፡00ድ.ቀ.።

## ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ብቕዓት ምዕባሌ መዓልትታት

ናይ ቅድሚ ትምህርትን ናይ ናጻ ግዜ ክበብን ሰራሕተኛትት ኣብ ዓመት ናይ ምዕባሌ መዓልትታት መሰል ስለዘለዎም ሽዑ ነቶም እቶም ንጥፈታት ተካእቲ ጥራይ እዮም ከወፍዩ ዝኽእሉ።

ኣብ ናይ ስነ-ምምህርናዊ ኣለያ ዘሎ ሰራሕተኛ ኣብ'ቲ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ናይ ሓባር ዝኾኑ ናይ ምዕባሌ መዓልትታት ክሳተፍ መሰል ኣለዎ። ኣብ'ዞም መዓልትታት እዚኣቶም እቲ ስድራ ብዝተኻሎ መጠን ባዕሎም ኣለያ ንኽዳልው ዝምነ እዩ። ናይ ክፍሊት ምጉዳል ዝበሃል የለን።

## ጽንበራታት

ኣብ ሓጋይን ኣብ ናይ ትምርቲ ዕረፍትን ናይ ሓደ ሓደ ቅድሚ ትምህርትታትን/ናይ ናጻ ግዜ ክበብን ናይ ምጽንባር ሕቶ ኸውን ይኽእል እይዩ።

## ናይ ምህላው ግዜታትን ንድፍን/ስከማን

ንስኻ ከም ወላዲ እቲ ናይ ውላድካ ናይ ኣለያ ግዜ ንድፊ/ስከማ ክትገድፍ **ግዴታኻ** እዩ። እንድሕር እቲ ናይ ኣለያ ኣድላይነት ተቐይሩ ሓዲሽ ንድፊ/ስከማ ክትገድፍ ኣለካ።

እቲ ንድፊ/ስከማ ብቐዳምነት ብመንገዲ ናይ'ቲ ኮሙን ኤ-ደብዳቤ ኢኻ ትገድፎ፡
[www.infomentor.se](http://www.infomentor.se)

ወለዲ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ/ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ ናይ ዝያዳ ዝሰርሕዎ ፍዳ፡ እንድሕር እቲ ዕረፍቲ ኣብ ግዜ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ዘይኮይኑ 5 መዓልታት ኣብ ዓመት ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም።

## ናይ ቦታ ምስራዝ

እቲ ናይ ቦት ምስራዝ ብጽሑፍ ክግበር ኣለዎ። **ክልቲኦም ወለዲ ነቲ ምስራዝ ክፍርምሉ ኣለዎም።** እቲ ናይ ምስራዝ ፎርም ናብ'ቲ ቅድሚ ትምህርቲ/ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ወይ ናብ'ቲ ናይ ዞባ መቃላጠፊ ክግደፍ ኣለዎ። እቲ ምስራዝ ቢቲ ናይ ኮሙን ናይ ኤ-ኣገልግሎት እውን ክግበር ይከኣል እዩ። እቲ ምስራዝ **ክልተ ወርሒ** ኣቐዲምካ እዩ፣ ከምኡ'ውን ካብ እቲ ናይ ምስራዝ ሰነድ ዝተገድፈሉ መዓልቲ እዩ ዝጽብጸብ። ኣብ'ቲ እዋን ናይ ምስራዝ እቲ ናይ ምኽፋል ግዴታ ግቡእ እዩ። ሓደ ቦታ ክስረዝ እንከሎ ናይ ሓደ ሓድሽ መመልከቲ ድሕሪ እቲ ናይ ምስራዝ ግዜ ምስተወደአ እዩ ክግበር ዝከኣል።
ቆልዓ ካብ ቅድሚ ትምህርቲ ናብ ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ቦታ ክቕይር እንከሎ እቲ ምትሕልላፍ ብኡንብኡ እዩ ዝካየድ እንድሕር ከምኡ ምንዮት ኣሎ።

እቶም ንኸዕብዩ ሓላፍነት ዘለዎም እንድሕር ዝማቐልዎ ቦታ ኣለዎም ከምኡ'ውን ሓደ ካብኣቶም ናይ'ቲ ቦታ ኣድላይነት ዘይብሉ ኾይኑ፣ ምእንቲ ቅኑዕ ክፍሊት ክኽፈል እዚ ናብ ክፍሊ ቆልዓን-ትምህርትን ክምልከት ኣለዎ።

## ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ሕግታት ኣብ እዋን ናይ ወለዲ ውላዶም ክኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑሉን ኣብ እዋን ስራሕ ኣልቦነትን

ወለዲ ንንኣሽቱ ኣሕዋት ክኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑ ነቶም ዓበይቲ የሕዋት ኣብ'ቲ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ንጥፈት 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ቦታ ክሕዙ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዉሱን ዝኾነ ግዜ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ናይ'ቲ ሓዉ/ሓፍቲ ምምጻእ እዩ ዝጸድቕ።
ስድርኡ ደለይቲ ስራሕ ዝኾነ ቆልዓ ኣብ'ቲ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ንጥፈት 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ናይ ቦታ መሰል ኣለዎ። እቲ ዉሱን ዝኾነ ግዜ ብኡ ንብኡ እዩ ኣብ ግብሪ ዝጸድቕ።
**እቲ ናይ ወለዲ ዉላዶም ክኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑሉን ኣብ እዋን ስራሕ ኣልቦነትን ናብ ናይ ዞባ መቀላጠፊ ወይ ናብ ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን ከመልክቱ ኣለዎም።**

## ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ሕግታት ኣብ እዋን ናይ ወለዲ ውላዶም ክኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑሉን ኣብ እዋን ስራሕ ኣልቦነትን

ቆልዓ ኣብ ናይ ናጻ ግዜ ንጥፈት ክልተ ወርሒ ድሕሪ ሓደ ወላዲ ውላዱ ክኣልይ ካብ ስራሕ ናጻ ምስ ኮነ ወይ ስራሕ ኣልቦ ምስ ኮነ 10 ሰዓታት/ሰሙን ቦትኡ ክሕዝ ይኽእል እዩ። **እቲ ቦታ ብኡ ንብኡ ብጽሑፍ ወይ ብኤ-ኣገልግሎት ክስረዝ ኣለዎ።**
**እቲ ናይ ወለዲ ዉላዶም ክኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑሉን ኣብ እዋን ስራሕ ኣልቦነትን ናብ ናይ ዞባ መቀላጠፊ ወይ ናብ ክፍሊ ቆልዓን- ትምህርትን ከመልክቱ ኣለዎም።**

### ህዝባዊ ቅድሚ ትምህርቲ

ህዝባዊ ቅድሚ ትምህርቲ እቲ ቆልዓ ሰለስተ ዓመት ዝመልኣሉ ቀውዒ እዮም ዝውፈዩ። እንተወሓደ ኣብ ዓመት 525 ሰዓታት፣ 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ተመቒሉ እዩ ዝካየድ። ህዝባዊ ቅድሚ ትምህርቲ ካብ ክፍሊት ናጻን እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ዓመታዊ ምህሮን እዩ ዝኽተልን።

እንድሕር ውላድካ ዕድምኡ 3-5 ኾይኑ ከምኡ'ውን ሓደ ካብ ወለዲ ስራሕ ኣልቦ ወይ ውላዱ ንኽኣልይ ካብ ስራሕ ናጻ ኾይኑ እቲ ቅድሚ ትምህርቲ ነቲ ናይ ቀደም ብኽፍሊት ዝሸፈን ዝነበረ ንጥፈት ይትክእ እዩ።

**ምእንቲ ካብ ክፍሊት ናጻ ናይ ህዝባዊ ቅድሚ ትምህርቲ ክትወሃቡ ብጽሑፍ መመልከቲ ከምኡ'ውን ናይ 15-ሰዓታት ንድፊ/ስከማ ናብ'ቲ ናይ ዞባኹም መቃላጠፊ**
**ብቑልጡፍ ክግደፍ ኣለዎ።** እዚ ከኣ ምእንቲ ክፍሊት ከይክፈል እዩ። ሓድሽ ንድፊ/ስከማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ዓመታዊ ምህሮ ክግደፍ ኣለዎ። ፎርም ኣብ www.krokom.se ኣሎ ወይ ብመንገዲ ናይ ኣውራጃ መቃላጠፊ ገይርካ እዩ ዝእዘዝ።

## ሃገራዊ ዉሑዳናት

ኣካል ናይ ሃገራዊ ዉሑዳን ዝኾኑ ቆልዑት ናይ ቋንቋኦምን ባህሎምን ፍሉያት መሰላት ኣለዎም። ክሮኮም ናይ ሳመር ኣውራጃዊ ምምሕዳር እዩ ከምኡ'ውን ንናይ ሳመር ቋንቋ ፍሉይ ዕላማ ኣለዎ። ኣብ'ቲ ጥቓ ናይ ሮትቪከን ቅድሚ ትምህርቲ ሓደ ዝተወሃሃደ ናይ ሳመር ንጥፈት ይካይድን ኣብ ናይ ኣንገ ቅድሚ ትምህርቲ ሓደ ናይ ሳመር ክፍሊ ኣሎን። እቶም ኣብ ኮሙንና ዝርከቡ ቅድሚ ትምህርትታት በቲ ናይ ሳመር ኣውራጃዊ ምምሕዳር ናይ ፍጻሜ መደብ ዕላማ ተመሪሖም እዮም ዝሰርሑ።

## ክፍሊታት

## ናይ ክፍሊት መሰረታዊ መምርሒታት

ናይ ክሮኮም ኮሙን ዝለዓለ ክፍሊት እዩ ዘዘውትር። እቲ ክፍሊት ሓደ ናይ ዓሚል ክፍሊት እዩ፡ እዚ ከኣ ሓደ ቀዋሚ ወርሓዊ ክፍሊት ን12 ኣዋርሕ ይውሰድ ማለት እዩ።

እቲ ክፍሊት ኣብ'ቲ ናይ ምደባ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ካብ'ቲ ናይ'ቲ ቆልዓ ናይ ምደባ ዕለት ጀሚሩ እዩ ዝኽፈል። ናይ ብኩራት ምቕራጽ ኣይግበርን እዩ።

## እቲ ክፍሊት ብኸመይ እዩ ዝጽብጸብ?

እቲ ክፍሊት እብ'ቲ ናይ'ቲ ሓዳር ናይ ሓባር እቶትን ቁጽሪ ቆልዑት ኣብ'ቲ ኣለያንን እዩ ዝምስረት። እቲ ክፍሊት ካብ'ቲ ናይ ኣብ ኣለያ ምህላው ግዜ ናጻ እዩ።

ብሓደ ዘይቅመጡ ወለዲ፡ ግን ናይ ሓባር ሓልፍነት ከምኡ'ውን ክልቲኦም ናይ ቦታ ኣድላይነት ዘለዎም፡ ክልቲኦም ካብ'ቲ ነናይ ሓዳሮም እቶት ዝተመስረተ ይኸፍሉ። እቲ ናይ'ቲ ቦታ ድምር ክፍሊት ካብ'ቲ ዝለዓለ ክፍሊት ክበዝሕ የብሉን።

ዋላ እቲ ናይ ምደባ እዋን እውን ዝሓጸረ እንተኾነ፡ እቲ ዝተሓተ ዝኽፈል ክፍሊት ናይ ሓደ ወርሒ እዩ። እንድሕር እቲ ምምዳብ ኣብ መወዳእታ ናይ ሓደ ወርሒ ተገይሩ ብዝኾነ ኾይኑ ክፋል ናይ ወርሒ ክፍሊት ዘለዎ ክልተ ክፋል ፋክቱራታት ማለት እዩ።

## ናይ ኣሕዋት ናይ ክፍሊት ቅነሳ

ናይ ኣሕዋት ናይ ክፍሊት ቅነሳ ናይ'ቲ ዝነኣሰ ሓዊ ዝያዳ ትኸፍል ማለት እዩ። እቲ ቆልዓ እቲ፡ ከም መበል ቁጽሪ ሓደ ቆልዓ እዩ ዝጽብጸብ፡ እቲ ምዕባይ ሕሳስ ልደ ከም መበል ቁጽሪ ክልተ ቆልዓ ወዘተ። ካብ መበል ቁጽሪ ኣርባዕተ ቆልዓ እቲ ቦታ ካብ ክፍሊት ንጻ እዩ።

## ብኽፍሊት ግዱዳት ሰባት

እቲ ናይ ወርሓዊ ውጽኢታት መሰረት እቲ ናይ'ቲ ስድራቤት/ሓዳር ናይ ሓባር እቶት እዩ። እዚ እንድሕር ብሓባር ትነብር ኾይንካ ወይ እንድሕር ምስ ገለ ሰብ ቁጠባዊ ምትሕብባር ኣለካ ኾይኑ ከም ክልተ ናበይቲ ኢኹም ትጽብጸቡ፡ ዋላ ውን እቶም ብሓባር ዝነበሩ ናይ'ቲ ቆልዓ/ናይ'ቶም ቆልዑት ወለዲ ኣይኹኑ ማለት እዩ።

**ጥራይ እቲ ኣብ'ቲ ሓዳር ነቲ ቖልዓ ከዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ እዩ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ዘለዎ።**

## ክፍሊት ካብ ዕለት 1 ጥሪ 2021 ጀሚሩ ( ዝለዓለ ክፍሊት)

(ነቲ ናይ ደለይቲ ስራሕን ንውላዶም ንኽኣልዩ ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾኑን ሓደ ዓይነት ክፍሊት እዩ ዝምልከቶም)

እቲ ዝነኣሰ ቆልዓ ከም ቁጽሪ ሓደ ቆልዓ፡ እቲ ሕሳስ ልደት ከም ቁጽሪ ክልተ ቆልዓ ወዘተ ይጽብጸቡ።

ክፍሊት ናይ 1 ዓመት ዕድምኡ ቆልዓ ክሳብ ዕቲ ቆልዓ 3 ዓመት ዝመልእ ካብ ዕለት 31 ሓምለ ጀሚሩ እዚ ዝስዕብ እዩ

- ቆልዓ 1፡ 3% ካብ እቶት - ዝኾነ ኾይኑ እንተበዝሐ 1 510 ኮሮና/ወርሒ
- ቆልዓ 2፡ 2% ካብ እቶት - ዝኾነ ይኹን እንተበዝሐ 1007 ኮሮና/ወርሒ
- ቆልዓ 3፡ 1% ካብ እቶት - ዝኾነ ኾይኑ እንተበዝሐ 503 ኮሮና/ወርሒ

ክፍሊት ናይ 1 ዓመት ዕድምኡ ቆልዓ ክሳብ ዕቲ ቆልዓ 3 ዕመት ዝመልእ ካብ ዕለት 12 ነሓሰ ጀሚሩ እዚ ዝስዕብ እዩ

- ቆልዓ 1፡ 3% ካብ እቶት - ዝኾነ ኾይኑ እንተበዝሐ 1007 ኮሮና/ወርሒ
- ቆልዓ 2፡ 2% ካብ እቶት - ዝኾነ ይኹን እንተበዝሐ 503 ኮሮና/ወርሒ
- ቆልዓ 3፡ 1% ካብ እቶት - ዝኾነ ኾይኑ እንተበዝሐ 503 ኮሮና/ወርሒ

ካብ ራብዓይ ቆልዓ ንላዕሊ ኣብ'ቲ ስድራቤት እቲ ኣለያ ካብ ክፍሊት ናጻ እዩ።

እቲ ክፍሊት ን12 ኣዋርሕ/ዓመት እዩ ዝኽፈል። እቲ ብቐዓት ናይ ክፍሊት ናይ ኣለያ ሰዓታት በዘየገድስ ሓደ ዓይነት እዩ።

## ናይ እቶት ሓበሬታታት

ምእንቲ ቅኑዕ ክፍሊት ክንውስን ናይ እቶትካ ሓበሬታታት የድልየና እዩ። እቲ ናይ እቶት ሓበሬታታት ዝሓዘ ፎርም እቲ ቆልዓ ምደባ ክወሃብ እንከሎ ናብ ክፍሊ ቆልዓን-ምህሮን ኢኻ ትገድፎ። ነቶም ናይ እቶት ሓበሬታታት ብኤ-ኣገልግሎት እውን ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ።

ዝተቐየረ እቶት ከምኡ'ውን ካልኦት ለውጥታት ንኣብነት ዝተቐየረ ናይ ስድራ ኩነታት፡ ናይ ውላድ ንኽትኣልይ ካብ ስራሕ ነጻ ምህላው ወይ ስራሕ ኣልቦነት፡ ነቲ ክፍሊት ክጸልዎ ስለ ዝኽእል ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ትገድፎ። ቅኑዕ ክፍሊት ይኽፈል ከምዘሎ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ናትካ እዩ።

ዋላ ውን ኣብ ቅዉም ክፍሊት ዝተመርኮሰ ዝለዓለ ክፍሊት ምኽፋል ተቐበሎ ናይ እቶትካ ሓበሬታታት ክህልወና ንደልይ ኢና፡ ካልእ ስምምዕ እንተዘይተገይሩ።

እቲ ዝተገደፈ ሓድሽ ሓበሬታ ዕለት 1 ካብ'ቲ ናይ ዝመጽዕ ወርሒ እዩ ክበቅዕ ዝጅምር፡ ካልእ ስምምዕ እንተዘይተዋሂቡ።

## ዓመታዊ ድሕረ ቁጽጽር ብዛዕባ ዝተመዝገበ እቶት

ክፍሊ ቆልዓን-ምህሮን ናይ'ቲ ካብ'ቶም ወለዲ ዝተገድፈ ናይ እቶት ሓበሬታ ምስ'ቲ ብዛዕባ ናይ መኽሰብ ዘለዎ ስራሕ ዝተኸፍለ ግብሪ ሓበሬታ ምስ ናይ ቤት ጽሕፈት ግብሪ ብምንጽጻር ዓመታዊ ድሕረ ቁጽጽር ይገብር እዩ። ሓደ ምትዕርራይ ናይ'ቲ ክፍሊት ናይ'ቲ ወቕታዊ ዓመት እዩ ዝግበር። እዚ ዝምለሰካ ወይ ናይ ትመልሶ ናይ ክፍሊት ጠለብ ማለት እዩ። ሓደ ዝተፈልየ ፋክቱር ነቲ ህልው ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ይለኣኽ ከምኡ'ውን እቲ ፋክቱር ኣብ'ቲ ጠለብን-ናይ ምዕጻው ኣገባባትን ዝተጠቓለለ እዩ።

## ናይ ክፍሊት መሰረት እቶት

እቲ ክፍሊት ኣብ ቅድሚ ናይ ኡቶት ግብሪ ምቑራጽ ከምኡ'ውን ብዝተረፈ ምስ እቲ ቆልዓ ኣባልነት ናይ'ቲ ናይ ኣለያ ኣድላይነት ዘለዎ ሓዳር ብምዝድ እዩ ዝምስረት።

ኣብ'ቲ መሰረት ናይ ጠቕላላ እቶት ብኸም'ዚ ዝስዕብ ይጽብጸብ፡

- ደሞዝን ካልኦት ክፍሊታትን
- ናይ ቆልዓ ናይ ክንክን ሓገዝ
- ናይ ስድራቤት ገንዘብ
- ናይ ወለዲ ገንዘብ
- ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎ ናይ ሕማምን ናይ ንጥፈትን ክፍሊት
- ናይ ሕማምን ጥንስን ክፍሊት
- ናይ ሂወት ጥሮታ
- ጥሮታ (ናይ ቆልዓ ጥሮታ ኣይፋል)
- ናይ ስራሕ ኣልቦነት ክፍሊት
- ናይ ንጥፈትን ምዕብልናን ክፍሊት (ናይ ትምህርቲ ሓገዝን ለቓሕን ኣይፋል)
- ናይ ስድራቤት ገዛ ጠርቂ

እቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተኸሰበ ናይ መኽሰብ ዘለዎ ስራሕ እቶት እውን ኣብ'ቲ ናይ ክፍሊት መሰረት እቶት ክጽብጸብ ኣለዎ።

ንናይ ግሊ ትካል ዘለዎ ኣኽል-ታርፍ ኣብ ናይ እቶት ሕጊ ቁጠባዊ ንጥፈት ኣብ'ቲ ህሉው ዓውደ ዓመት እዩ ዝጽብጸብ።

ኣብ'ቲ እቶታት ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ዝቀያየረሉ ግዜ እቲ ናይ እዋን ድሙር እቶት ብቁጽሪ ኣዋርሕ ተመቒሉ ሕሳብ ክግበር ኣለዎ።

## ምዕዳይ፤ ምኽፋል፤ ጠለብን ምዕጻውን

እቲ ዝኽፈል ክፍሊት ኩሉ ግዜ ናይ'ቲ ህሉው ወርሒ እዩ ። እቲ ወርሓዊ ክፍሊት ካብ'ቲ ናይ'ቲ ቆልዓ ምደባን ክሳብ እቲ ናይ ምስራዝ ግዜ ዝውዳእ ዕለትን ኣብ ዓመት ን12 ኣዋርሕ እዩ ዝኽፈል። እቲ ክፍሊት ካብ'ቲ ክውን ናይ ምስታፍ ግዜ ብዘየገድስ እዩ ዝኽፈል።

ኣብ እዋን ደንጉኻ ምኽፋል 8 መዓልቲ ድሕሪ እቲ ናይ ምኽፋል ዕለት ዝወደቀሉ ሓደ ናይ መዘኻኸሪ ክፍሊት ዘለዎ መዘኻኸሪ ይለኣኽ። እቲ መዘኻኸሪ ኣብ ውሽጢ 8 መዓልቲ ክኽፈል ኣለዎ። 10 መዓልቲ ድሕሪ እቲ ናይ ምኽፋል መዘኻኸሪ ዝወድቀሉ ዕለት ሓድ ናይ ዕዳ ምጥርናፍ ጠለብ ይለኣኽ። ዘይተኸፍሉ ፋክቱራታት ንሓደ ናይ ምኽፋል መደብ ዝሕግዝ ብኢንትሩም ዩስትሲያ እዮም ዝእለዩ፡ እንድሕር ከም'ዚ ምንዮት ኣሎ።
እንድሕር እቲ ቆልዓ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ክልተ ዘይተኸፍሉ ፋክቱራታት ኣለውዎ ነቲ ናይ ቆልዓ ኣለያ ቦታ ናይ ምስራዝ ደብዳቤ ይለኣኽ። እቲ መልእኽቲ ድሕሪ ሓደ ወርሒ እቲ ናይ መወዳእታ ፋክቱር ዝወደቐሉ ዕለት እዩ ዝለኣኽ። ሽዑ እቲ ቆልዓ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ነቲ ዕዳ ንኽኽፍል ክልተ ወርሒ ኣለዎ። እንድሕር ዘይተኸፈሉ እቲ ምደባ ድሕሪ እቲ ናይ ክልተ ሰሙን ናይ ምልምማድ ግዜ ይስረዝ። እቲ ዕዳ ምስ ተተኻኸለ እዩ ሓድሽ ቦታ ክምልከት ዝከኣል።
ኣብ እዋን ናይ ዝተማቐለ ናይ ቆልዓ ኣለያ ቦታ ነቲ ክፍሊቱ ዘይከፈለ ወላዲ ጥራይ እዩ ዝምልከት።
እንድሕር እቲ ስድራ ቤት/ሓዳር ነቲ ናይ'ቲ ቆልዓ ናይ ቦታ ኣድላይነት ንመገምገሚ ዝኾኑ ትርጉም ዘለዎም ዘይቁኑዓት ሓበሬታታት ገዲፎም፤ እቲ ኮሙን ነቲ ቦታ ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ። እንድሕር እቲ ሓዳር ንእቶት ዝምልከት ዘይቁኑዓት ሓበሬታታት ገዲፉ እውን እቲ ምስራዝ ክኻነፍ ይኽእል እዩ።

እንድሕር እቲ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ካብ ክልተ ወርሒ ንላዕሊ ቦታ ዘይተዘውቲሩ እቲ ኮሙን ብቐጽባዊ ኣድማዕነት ክስርዞ ይኽእል እዩ።

## ውሕስነት

ኩሎም እቶም ኣብ ክሮኮም ኣብ ህዝባዊ ምዝገባ ምዝጉባት ዝኾኑ ናይ ሓደጋ ዉሕስነት ብሓባር ኣለዎም። ነቶም ናይ ቅድሚ ትምህርትን ናይ መባእታዊ ትምህርትን ቆልዑት እቲ ውሕስነት ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት እዩ ብቑዕ።

ኣስተውዕል! እቶም ቆልዑት ኣብ'ቲ ልዕሊ ናይ ንጥፈት ንብረት ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ቆልዑት ወይ ሰራሕተኛታት ጠንቂ ናይ ጉድኣት ዝኾኑሉ ኣጋጣሚታት ውሕስነት የብሎምን።

እቲ ናይ ውሕስነት ሓበሬታ ንኽሕተም ኣብ www.krokom.se ኣሎ።

## ምሕታም

ኣብ'ቲ እዋን ውላድካ ኣብ ቅድሚ ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ናጻ ግዜ ክበብ ክጅምር እንከሎ ሓደ ናይ ስምምዕ ፎርም ንኽትመልእ ተሓቲትካ። እንድሕር ናይ ውላድካ ስእልታት ኣብ ኢንተርነት ክሕተም ዝከኣል ኮይኑ ወይ ኣይፋል ኣብኡ ትሕብር።

## ኣብ ናይ ቅድሚ ትምህርትን ኣብ ቤት ትምህርትን ቦታ ምእታው

ኣቲ ናይ ቤት ትምህርትን ናይ ቅድሚ ትምህርትን ቦታ ሓፈሻዊ ቦታ ኣይኮነን። ቆልዓን ቆልዓ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎምን ጥራይ (ወይ እቲ ቆልዓ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ንኽብጽሕን ክመልስን ዝመዘዞ ሰብ) እዮም ኣብ'ቲ ናይ ቅድሚ ትምህርት/ቤት ትምህርቲ ቦታ ክረኣዩ መሰል ዘለዎም። እዚ ከኣ እቶም ሰራሕተኛታት እንድሕር ነቶም ናይ'ቶም ቆልዑት ውሕስነት ኣድላይ ኮይኑ ረኺቦሞ ሰባት ካብ'ቲ ቦታ ክሶጉ መሰል ኣለዎም ማለት እዩ።

## ምስጢር ምዕቃብን- ናይ ምምልካትን ግዴታ

ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ ምስጢር ምዕቃብን ናይ ምምልካትን ግዴታ ኣለዎም።
ምስጢር ምዕቃብ እቲ ናይ'ቲ ቆልዓ ውልቃዊ ኩነታት ናብ ዘይምልከቶም ሰባት ክቃላዕ የብሉን ማለት እዩ።

እቲ ናይ ምምልካት ግዴታ እንድሕር እቶም ሰራሕተኛታት እቲ ቆልዓ ኣብ ሓደጋ ከምዘሎ ኣስተውዒሎም ምስ'ቶም ናይ ማሕበረሰብኣዊ ሰበ ስልጣናት ርክብ ንኽገብሩ ግዱዳት እዮም ማለት እዩ። እቲ ናይ ምምልካት ግዴታ ነቲ ምስጢር ምዕቃብ የፍርሶ እዩ።

## ቊንጽል ካብ ናይ ገበን መዝገብ

ካብ ዕለት 1 ጥሪ 2001 ኣትሒዙ ናይ'ቶም ኣብ ናይ ቆልዓ ኣለያ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ መዝገብ ቁጽጽር ሓደ ሕጊ ኣሎ። ኩሎም ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ፖሊስ ናይ ገበን መዝገብ ሓደ ናይ መዝገብ ቊንጽል ንኽገድፉ ግዱዳት እዮም።

## ናይ ዉልቃዊ ሓበሬታታት

**ነቲ ናይ ቆልዓ ምደባ ክትቅበል እንከለኻ ነቲ ናይ'ቲ ኮሙን ሕግታት ትቕበሎ ኣለኻ** ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ኮምፕዩተርን ናይ ውልቃዊ ሓበሬታታትን ሕጊ ዝተምርኮሰ እቶም ናይ ዉልቃዊ ሓበሬታታ ንኽእለዩ።

## ኤ-ኣገልግሎታት

ንስኻ ከም ወላዲ ነቶም ጉዳያትካ ብኢንተርነት ብዓይነት ኤ-ኣገልግሎት ገይርካ ክትኣልዮም ኣኽእሎ ኣለካ። ብዛዕባ ቦታ ከተመልክት፡ ቦታ ክትስርዝ፡ ከምኡ'ውን ናይ እቶ ሓበሬታን ነድፍን/ስከማን ክትገድፍ ትኽእል። እቶም ኣገልግሎታት ሓደ ኤ-መንነት ክህልወካ ይጠልቡ እዮም። ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.krokom.se/utbildningochbarnomsorg ኣሎ።

እቲ ናትና ኤ-ኣገልግሎት ክትጥቅም ምስ ዘይትኽእል ክትሓትሞም እትኽእል ፎርምታት ኣብ'ቲ ናይ ኮሙን መርበብ ብዙሃን ኣሎ።

## ምንጭታት

ናይ ቤት ትምህርቲ ሕጊ
ናይ ዕቑባ ድንጋገ
ናይ ኮምፕዩተር ሕጊ
ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ ሕጊ
ናይ ግሉጽነትን- ናይ ምስጢር ምዕቃብን ሕጊ
ናይ ማሕበረሰብኣዊ ሕጊ

Kommuntryckeriet 2020 | Foto: Mostphoto

Krokoms kommun
KROKOMEN TJÏELTE

**ናይ ክሮኮም ኮሙን** | ኣፈርዳልስቨገን 8፡ 835 80 ክሮኮም | ቁ.ስ. 0640- 161 00
www.krokom.se

ጥሪ 2020